# ገምጋመይ ኣብ ንድፊ ሓሳብ "መዝሙር ሰላም" ንኢትዮ-ኤርትራ

ኣብ ሞንጎ ኢትዮ-ኤርትራ ዘሎ ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ሃዋሁ ንክፈርስ ልዑል ባህጊ ኣሎኒ። እዚ ንክኸውን ድማ ጉዳይ ዶብ መዕለቢ ክግበረሉ ኣለዎ። ባዓልቤት ናይዚ ሓሳብ ክኸውን ዘለዎ ክኣ ህዝቢ'ዩ። ኣብ ብይን ኮምሽን ዶብ፡ ዘይ ፍትሓዊ ምምቕቓል መሬት ተፈጺሙ'ዩ። ዶብ ሰሪ ዘይምሕንጻጹ ኣይ ሰላም ኣይኲናት ወሊዱ። ንህግደፍ ድማ "ባድመ ተውሪራትና" ኣብ ዝብል ባዶሽ ሓሳብ ዝሕበኣላ ደጀን ኮይናቶ ጸኒሓ ኣላ። ብርግጽ ኣይ ሰላም ኣይኲናት ንክሰዓር ዶብ ክሕንጸጽ ኣለዎ። ንሰላም ፍርቂ መገዲ ተጓዒዙ ዝደልያ ሓይሊ ወገነይ'ዩ! ሕቶ ሰላም ሙሁር የልዕሎ ዓኺይ፡ ወያነ የበግሶ ህግደፍ ብዘየገድስ፡ ኣብቲ ሰላም ረብሓ ዘሎኒ። ብክንዲ ዓቕመይ ከበርክተሉ ሕጉስ'የ።




ኣዳለውቲ "መዝሙር ሰላም" ሰለብሪቲ ኢቨንትስ
ሃብቶም ገ/ሊባኖስን ኣብርሃም ገ/ሊባኖስን ኢዮም። ኣብ ከተማ መንደፈራ ተወሊዶም ዓብዮም። ኤርትራ ነዞም መንእሰያት፡ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቀራርጻኦም ዓዲ ንእስነቶም ኢያ። ኣብ ሰላምን ዕቤትን ኤርትራ ዘለዎም ህንጡዩነት ድማ ጎሊሑ ዝረኣ'ዩ።

እዞም ምሁራት መንእሰያት ኣብ ኢትዮጵያውነቶም ከከም ዓቕሞም ኣበርኪቶም ኢዮም። ብፍላይ ሃብቶም፡ መስራቲ ማ/መ/ትግራይ ጨንፈር ኣዲስ ኣበባን ዳይረክተር ናይቲ ማሕበርን ኔሩ። ከምኡ ውን መስራቲ ማ/መ/ኢትዮጵያ ኮይኑ፡ ከም ዳይረክተር ናይቲ ማሕበር ንሓሙሽተ ዓመታት ሰሪሑ። ብተወሳኺ ከኣ መስራቲ ቤት ምኽሪ መንእሰያት ኢትዮጵያ ኢዩ። ኣብርሃም ድማ ብዝተማሃሮ ሞያ ኮንስትራክሽን ንሃገሩ ብምሁራዊ ዓቕሙ ኣገልጊሉ። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ድማ ኣብ ናይ ንግዲ ስራሕ ተዋፊሮም ኣለው።

ሰለብሪቲ ኢቨንትስ "መዝሙር ሰላም" ብዝብል፡ ኣብ ሞንጎ ኢትዮ-ኤርትራ ንዘሎ ኣይ ሰላም ኣይኲናት ሃዋሁ ንከብቅዕ ይሰርሑ ኣለው። ጉዳይ ዶብ መዕለቢ ንክግበረሉ ድማ ህዝዊ ሕቶ ኮይኑ ክልዓል ኣለዎ ዝብል'ዩ ንድፊ ሓሳቦም። ብዙሓት ሰባት ኣብ ጉዳይ "መዝሙር ሰላም" ብባዕላዊ ናይ ራዕዲ ዝምባለታት ተመሊኦም፡ ጸረ ሰላም ዝኾነ ኣረኣእያታት ዝሓዘ ጹሑፋት ይዝርግሑ ኣለው።

ኣዳለውቲ "መዝሙር ሰላም" ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፈታዊኦምን ጸላኢኦምን ኣነጺሮም ዘቐመጡ መንእሰያት ኢዮም። ንዘልዓልዎ ኣጀንዳ "መዝሙር ሰላም" ግን፡ ካብ ኢትዮጵያዊ ሃገራውነቶም ዝብገስ ምኳኑ ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን። ኣብ ኢትዮጵያ ብተዛማዲ ተዛሪብካዮ ክሰምዕን ሰሚዑ ክምልስ ዝኽእል ፌዴራላውን ክልላውን መንግስቲ ኣሎ። ብሸነኽ ኤርትራ ግን ጠቕሊሉ ዝተዓጽወ'ዩ። ብዙሓት ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ካብ ነዊሕ ግዜ ተመሳሳሊ ሓሳብ ዝነበሮም ሰባት ምህላዎም እፈልጥ'የ። ይኹን እምበር ነቶም ኤርትራውያን ክሰምዖም ዝኽእል መንግስቲ የብሎምን። ስለዚ ድሌት ጥራይ ኮይኑ'ዩ ተሪፉ ሓሳቦም።

እዞም ተጋሩ መንእሰያት ግን ህዝባዊ ሕቶ ኮይኑ ዝለዓል። ንኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ሃዋሁ ዝስዕር። ጉዳይ ዶብ መዕለቢ ክግበረሉ ዝጽውዕ። "መዝሙር ሰላም" ዝብል ኣጀንዳ ሒዞም ተበጊሶም። ንስርሖም ዝሕግዝ ሕጋዊ ፍቓድ ንምርካብ ከኣ ፕሮፖዛል ናብ መንግስትን ሃገራዊ ጸጥታን ኣቕሪቦሞ። ዜግነታዊ መሰሎምን ድሕረ ባይትኦምን ረዲኦዎም ድማ ነቲ ዘልዓልዎ ሕቶ፡ ሕጋዊ ፍቓድ ረኺቦም ንክሰርሕሉ ነጻ ኮይኖም። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ድማ ንኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ሙሁራት፡ መንእሰያት፡ ፖሎቲከኛታት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ሰበስልጣን ህግደፍ ነበርን ናብ ምርካብ ዕዮ ገዛ ወፊሮም ኣለዉ።

ዕላማ ሰለብሪቲ ኢቨንትስ፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ህዝቢ ዘሎ ኣይ ሰላም ኣይኲናት ንከብቅዕ'ዩ! ጉዳይ ዶብ ንክፍታሕ ህዝባዊ ማዕበል ኣብ ልዕሊ መንግስታቱ ምልዓል'ዩ። ውጽኢቱ ድማ ንረብሓ ክልቲኤን ሃገራት ዘገልግል'ዩ። ሓቂ'ዩ እቲ ብኮምሽን ዶብ ዝተዋህበ ብይን ፍትሓዊ ኣይኮነን። ንኣተገባብርኡ ድማ ብወገን ህግደፍን፡ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣንጻራዊ ረኢቶ ተታሒዙሉ ጸኒሑ'ሎ። ውጺኢቱ ከኣ'ዩ ናብ ኣይኲናት ኣይ ሰላም ስትራተጂ ኣውዲቑና። ህዝቢ ክልቲኤን ሃገራት ግን ብናይ ገዛእ ርእሱ መስርሕ ከም ቀደሙ ይተሓናፈጽ ኣሎ። ስለዚ ህግደፍን መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣሰር ህዝቦም ክስዕቡ ምቕሳብ'ዩ እቲ ቃልሲ።

ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሑቕፊ እቶም ብህግደፍ 'ጸላእትኻ ኢዮም' ዝተባህሉ ህዝቢ ትግራይ ይዕቆቡ ኣለዉ። ምስ ተጋሩ ኣሕዋቶም ከም ቀዳሞት ወለዶም ይዋሰቡን ይወልዱን ኣለዉ። ንግዳዊ ሽርክነት ውን የካይዱ ኢዮም። ብፍላይ ኣብ ዶብ ዝርከብ ህዝብና ከኣ ንሓድሕዱ ኣብ ሓዘኑ ይቃበርን ይደባበስን'ዩ። ኣብ ሓጎሱ ድማ ይጸናበር ኣሎ። ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝነብሩ ኤርትራውያን ቤተሰቦም ዝረኽቡሉን ዝምርዓውሉን ዓዲ ኢትዮጵያ ካብ ዝኸውን ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ጥራይ'ኳ ካብ ኤርትራ ንሕዳር-ጽዮን (ንግደት ኣክሱም) ሓያሎ ስድራቤታት ኤርትራውያን ነጊዶም ናብ ኤርትራ ተመሊሶም። ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ ውን ኢትዮጵያውያን ናብ ደብረ-ቢዜን ዝነግዱሉ ኣጋጣሚ ክፍጠር ከም ዝኽእል ዝነግር ሓባሪ ምልክትዩ። እቲ ብዝሒ ነጋድያን ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብክልቲኡ ሃገራት ክዓቢ'ዩ።በዚ ምኽንያት ኣብ ጉዳይ ኢትዮ-ኤርትራ ህዝቢ ልዕሊ መንግስታቱ ኣብ ግብራዊ መስርሕ ሰላም ኣትዩ ይጸናበር ኣሎ።

ዋላኳ ከም ተርእዮ ዝውትርን ግኑንን ተረኺቡ እንተ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ክልቲኤን ሃገራት ግን ቅድሚ መንግስታቶምን ልዕሊ መንግስታቶምን ኣብ ጉዳይ ሰላምን ሓባራዊ ዕቤት ክልቲኤን ሃገራትን

ብግብሪ ቀዲሙ'ዩ። መንግስታት ክልቲኤን ሃገራት ድማ ብጾቕጢ ጸዋዒት ሰላም ክልቲኡ ህዝቢ ክምእዘን ዝገብር ደራኺ ሓይሊ ንምፍጣር ዝተላዕለ ሓሳብ ድማ'ዩ ኣጀንዳ ሰለብሪቲ ኢቨንትስ "መዝሙር ሰላም"።

ኣብ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ህግደፍ ይኹን መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ብህዝባዊ ማዕበል ንዝለዓል ጉዳይ ዶብ ንክፍታሕን ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ከብቅዕን ንዝቐርበሎም ሕቶ፡ ቅኑዕ ምላሽ ክህቡሉ ኢዮም ዝብል ተስፋ ኣሎኒ። ምናልባት ውን ካብ ሕዲኦም፡ ነቲ ህዝባዊ ሕቶ ዕሽሽ ክብልዎ ይኽእሉ ኢዮም። ይኹን እምበር ካብ ገዛእ ሕድ-ሕድ ህዝቦም ክረኽብዎ ዝኽእሉ ግብረ መልሲ ግን ክጻወርዎ ዝኽእሉ ኣይኮነን። ስለዚ ንድፈ ሓሳብ "መዝሙር ሰላም" ኩሉ ግዜ ኣርባሒ ውጽኢት ዝሓዘለ'ዩ።

ኩሉ "ኣንጻር ህግደፍ ይቃለስ'የ" ዝብል፡ ህግደፍ እንተ ድኣ ተሰዒሩ፡ ኩሉ ተረባሒ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ ውን'ዩ ነዚ  ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት የብቅዕ! ጉዳይ ዶብ መዕለቢ ይገንረሉ!" ዝብል ጸዋዒት "መዝሙር ሰላም" ንምፍሻል ኣልደ-መልዲ ዝጸሓፍ ዘሎ። ዋል'ኳ ጃጃዊ ባህርያት ውልቀሰባት ዘንቀሎ ባዕላዊ ራዕዲ ይጽሓፍ'ምበር፡ ኣንጻራዊ ሓሳብ ምልዓሎም ግን መኽሰብ'ዩ።

ገለ-ገለ ሰብ፡ ነቲ ናይ ጸላኢ ስምዒት ሒዙ ዝጸሓፍ ርእዩ፡ "እዚ ናይ ወያነ'ዩ!" ወይ "ናይ ሻዕብያ'ዩ!" ኢሉ ይሓስብ ይኸውን'ዩ። ነቶም ግዳይ ናይ ኣይ ሰላም ኣኲናት ዝገበሩና ስርዓታት ዝቕልስ ህዝባዊ ሕቶ "መዝሙር ሰላም" ከይጽውዕ እጃሙ ዘይገብር ኣይሰኣንን ይኸውን። ውጽኢቱ ናይ ሱቕ ምባል ግን ምጥፋእ ስለዝኾነ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምድላው ክገብር ኣለዎ። ወይ ውን "ንሰላም ዝጽውዕ ሕቶ፡ ዘልዓለ የልዕሎ ብዘየገድስ ክሳተፎ'የ!" ዝብል ኣረኣእያ ዘለዎ ውን ኣሎ። ንዑኡ ከኣ መካትዒ ኣርእስቲ ዝኸውን ቀሪቦሙሉ ስለ ዘለው ጽቡቕ'ዩ።

ዶብ ሰሪ ዘይምሕንጻጹ ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ስትራተጂ'ዩ ወሊዱ። ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ክልቲኤን ህገራት ጥፍኣት'ዩ። ብምንጽጻር እንተ ሪኢናዮ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ተዘማዲ ሰላም ዘላ ሃገር'ያ። ገስጋስ ልምዓታዊ ቁጠባዊ ዕቤት ውን ተመዝግብ ኣላ። ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ስትራተጂ ግን ነታ ኣብ ኢትዮጵያ ዘላ ትግራይ ናብ ቁልቁል'ዩ ኣህቲፍዋ።
ህግደፍ ግን ነቲ ኲነታት ናብ ረብሕኡ ቀይርዎ'ዩ። ይኹን'ምበር ህዝቢ ኤርትራ ውን ኣካል ናይቲ ህግደፍ ዝኸሰቦ ዕድላት ተጠቃሚ ኮይኑ'ዩ ማለተይ ኣይኮነን።

ህግደፍ ብእከይ ልፍንታዊ ስርሑ ምስ ኣሸበርቲ ሓይልታት ኣጽዋር ከይ ገዝእ'ዩ ተኣጊዱ። ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ከይዘመድ ዝብል እገዳ ኣይተነብረሉን። ወይ ውን ሃገራት ኣዕራብ ኣብ ኤርትራ ወተሃደራዊ ማዓስከራት ከይ ሃንጻ ዝኽልክሎ ሕጊ ኣይወጻሉን። ነዛ ዕድል እዚኣ ድማ ኣብ ትሕቲ ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ኮይኑ ተጠቒሙላ። ኣብ ህዝቢ ኤርትራ "ዶብና ተወሪሩ" ዝብል ናይ ሓሶት ጽኑዕ መዕቆቢ ረኺቡ። እንሆ ድማ ሕጂ ንኤርትራ ብፍላይ፡ ንቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን ከኣ ብሓፈሻ ስግኣት ዝኾና ሃገራት ኣዕራብ ኣብ ባሕርን ደሴታትን ኤርትራ ዓስኪረን።

እዘን ሃገራት ኣዕራብ፡ ቁጠባውን ወተሃደራውን ሰረተን ኣብ ኤርትራ ሱር ክሰድድ'ዩ። ኣብዚ ድማ ህግደፍ ኣጽዋር ኲናትን ቁጠባዊ ደገፍን ካብዘን ሃገራት ኣዕራብ ክሰንቕ ከምዝኽእል ምስጢር ክኸውን ዝኽእል ኣይኮነን። ህግደፍ ብመገዲ እዘን ሃገራት ኣዕራብ ኣቢሉ ከእትዎ ዝኽእል ኣጽዋር ንምግማቱ ኣየጸግምን'ዩ። ንኣጽዋሩ ብቐሊሉ ኣብ ጉልባብ ሃገራት ኣዓራብ ክሓብኦ ዘኽእል ዕድል ውን ኣለዎ። ህግደፍ ንኣይ ኲናት ኣይ ሰላም ናብ ረብሕኡ ኣውዒልዎ'ዩ ማለት እዝን ኪኖ እዝን'ዩ። ንሕና ከም ህዝቢ ግን ባህሊ፡ ቋንቋ፡ ታሪኽ፡ ስርዓተ ክብርታትን ስነ-ምግባርን ሕብረተሰብና፡ በዘን ሃገራት ኣዕራብ ክብወዝ ከም ዝኽእል ንምርዳእ፡ ፍሉይ መጽናዕቲ ዘድልዮ ኣይኮነን።

ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ዝብሃል ዝፈሸለ ስትራተጂ ክሳብ ሎሚ ከም ህዝቢ ንኤርትራውያን ኣጽኒቱና'ዩ። ብድሕሪ ሕጂ ግን ክቕጽል የብሉን። ስለዚ እዚ ብሰለብሪቲ ኢቨንትስ ተላዒሉ ዘሎ ኣጀንዳ "መዝሙር ሰላም" ናብ ረብሓና ክውዕል እንተኮይኑ፡ ከም ኤርትራውያን ክንሰርሓሉ ይግባእ'ዩ። ምኽንያቱ ህግደፍ ካብ ዝሕብኣለን ዓበይቲ መዕቆቢታቱ (መሬትና ተወሪሩ) ዝብል'ዩ። ህግደፍ ኣብ ሰላም ክነብር ኣይክእልን'ዩ። ጉዳይ ዶብ መዕለቢ ምስ ዝግበረሉ'ምባኣር መተንፈሲ ክስእን ዝገብሮ'ዩ። ከም ህዝቢ ድማ ኲናት ኢትዮ-ኤርትራ ዝፈጠሮ ክሳራ ሚሂሩና'ሎ። ኣብ ስላምን ቁጠባን ሕብረተሰባዊ ውህደትን ከኣ ልዕሊ'ቲ ኲናት ዝመሃረና ዝተዓጻጸፈ ናይ ሓባር ረብሓ'ዩ ዘለና።

ካብ ወገን ኤርትራውያን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ተረባሕቲ ክኾኑ ዘይክእሉ፡ ኣካላት ደምበ ተቓውሞ ጥራይ ኢዮም። ምኽንያቱ ብተናጸል ይኹን ብሓፈሽኡ ውድባት ናይ ደምበ ተቓውሞ "ንቃለስ ኣለና" እና በሉ፡ ብግብሪ ዝምስከር ፍረቃልሲ ግን ኣየንሃዩን። ኣብ ኤርትራ ለውጢ ዘረጋግጽ ገስጋስ ምስ ዝረጋገጽ ድማ፡ ብዙሓት ካብ ውድባት ናይ ደምበ ተቓውሞ ተረባሕቲ ኣይኮኑን።

ኣብዞም ንቃልሲ ከም ማሕበራዊ ናብራ ዝተለማመድዎ ውድባት ኤርትራ፡ ጉዳይ ዶብ ኢትዮ-ኤርትራ መዕለቢ እንተተጌሩሉን፡ ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ሃዋሁ ብሰላም እንተ-ተተኪኡን ከም ፖሎቲካውያን ውድባት ኣብ ኢትዮጵያ ክህልዎም ዝኽእል ባይታ ክስእንዎ ኢዮም። ሽዑ እቲ ምስ ህግደፍ ክዕረቕ ዝኽእል እንተስ ይቕሬታ ሓቲቱ፡ ወይ ውን ስርኡ ፈቲሑ ዓዲ ዝኣትወሉ መገዲ'ዩ ከናዲ። እቲ ምስ ህግደፍ ኣይ ዕረቕን'የ ዝብል ድማ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ተዓቝቡ ንቃልሲ ከም ማሕበራዊ ናብራ ከቕጽሉ ዘኽእል ዕድል ስለ ዝስእን፡ ዝተርፎ ምርጫ ታራ ስደተኛ ምዃን ጥራይ'ዩ።

ኣባላት መሪሕነት ናይ ደምበ ተቓውሞ፡ ልዕሊ 1000 ኪ/ሜ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ሪሒቖም ኢዮም ዝቃለሱ ዘለው። ብኣካል ይኹን ብመሸንጎጓ ድማ ክረኽብዎ ኣይከኣሉ። ህዝቢ ብህግደፍን ደምበ ተቓውሞን ናይ "ተጠሊመ" ዝብል እምንቶን ኲሎም "ሓድሕድ ዘይሕሹ" ኢሉ'ዩ ዝግምግሞም። ኣብ ፖሎቲካ 2-3 ግዜ ጽቡቕ ዕድል ኣይፍጠርን'ዩ። ደምበ ተቓውሞ ህዝቢ ምስ ህግደፍ ብናይ ገዛእ ርእሱ መስርሕ ምስ ተባተኸ ክኸስባ ዝነበሮቶ ዕድል ተመሊሱ ንህግደፍ ክኸስበላ'ዩ ኣሕሊፉ ሂብዎ።

ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፡ ሙርኩስ ተደጊፉ ዝሳለ ፖሎቲካዊ ሓሳብ ሒዞም ኢዮም ዝሳለዩ ዘለው። ዶብ ምስ ዝሕንጸጽ፡ ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ሃዋሁ ምስ ዝሰዓር፡ ማሕበራዊ ናብርኦም ውን ምስኡ'ዩ ክፈርስ። ከም ተራ ሰደተኛታት ኮይኖም ክነብሩ ዘኽእል ተጻዋርነት ከኣ የብሎምን። ደምበ ተቓውሞ ተቓሊሱ ለውጢ ካብዘየምጸኣ፡ ብህዝባዊ ማዕበል ተላዒሉ ኣብ መንግስታት ክልቲኤን ሃገራት ክፈጥሮ ዝኽእል ምዕባለ ረብሓ የብሉን። ብሽም ብሄር ተወዲቡ ንሓደ ቢሄር ከም ጸላኢኡ ዝርኢ ውደባታት ኣሎ። ንሃይማኖታዊ ልዕልናን ዓረባዊ ባህልን ከንግስ ዝቃለስ ውን ኣሎ። ነዚ ኣረኣእያ'ዚ ዝፈጠረ ድማ "ህዝባዊ'የ" በሃላይ ኣካል ናይቲ ወጻዒ ቢሄር ወይ ጨቋኒ ሃይማኖት ዝኾነ ተበላጺ'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ሰላም ህዝቢ ኤርትራ ክሳራ'ምበር ረብሓ የብሉን።

ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ኣብቂዑ፡ ጉዳይ ዶብ ብሕቶ ህዝባዊ ማዕበል ምስ ዝፍታሕ፡ ኣብ ጽባሕ ናይቲ ዶብ ዝሕንጸጸሉ ግዜ፡ ህዝቢ ንሓድሕዱ ክራኸብ'ዩ። ብንግድን መንስበን ክዛመድ'ዩ። ኣብ ሓጎስን ሓዘንን ናይ ሓድሕዱ ነጻ ኮይኑ ክደጋገፍ'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ 2-6 ዓመታት፡ ፖሎቲካዊ መሬታዊ ዶባት ንመንግስታቱ ክገድፎ'ዩ። ህዝቢ ግን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ'ቲ ብቁጠባን ጸጥታን ዝደልደለ ሕብረተሰብ ኮይኑ ክወጽእ የኽእሎ። ዓይኒ ዓዳጋ ዓለም ክስሕብ'ዩ። ሕብረተሰባዊ ምትእስሳሩ ብዝፈጥሮ ሰላም ድማ ተባሃጊ ስፍራ ኣብ ኣፍሪቃ ክሃንጽ ኣይጽገምንዩ።

ኣዕናዊ ፖሊሲ ኣይ ሰላም ኣይኲናት፡ ኣብ ትግራይ ዝፈጠሮ ሃስያ ውን ቀሊል ኣይኮነን። ተጋሩ መንእሰያት ማዕሬና ይስደዱ ኣለው። ኣብ ምድረበዳን ባሕርን ይጠፍኡ ኣለው። ግዳይ ሱሑል ካራ ኣኽረርቲ ሓይልታት ውን ኮይኖም ኢዮም። ከም መስሕብ ትሪዝምን ኢንዱስትራልያዊ ዞባ ክትኮኖ ዘለዋ ናይ ህዝባን መሬታን ጸጋ፡ ብክንድኡ ክትዓቢ ኣይክኣለትን። ብሓጺሩ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ወተሃደራዊ መዓስከር ኮይና'ላ። ኣብ ኢትዮጵያ ከም ናይ ኲናት ዞባ ኮይና'ያ ተቖሚጣ ዘላ። ዋላኳ ከም ሰብ ትዕዝብቲ (ረኢቶ) እንተ ሃለወኒ፡ ኣብ ጉዳይ ትግራይ ግን ልዕለይ ኢትዮጵያውያን ተጋሩ ይፈልጥዎ ኢዮም። ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ይዘረብሉን ይጽሕፍሉን ንመንግስቶም ጉዳይ ዶብ መዕለቢ ክግበረሉ ክሓትቱን ጸኒሖምን ኣለዉን። ኣጀንዳ ሰለብሪቲ ኢቨንትስ መዝሙር ሰላም ድማ ሓደ ካብቲ ተጋሩ ኣብ ልዕሊ መንግስቶም ዘልዕልዎ ዘለው ሕቶ'ዩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ብሰፊሕ ዝርገሐ ኣብ ህዝቢ ከም ዋኒን ኣጀንዳ ኮይኑ ቀሪቡስ ብተስፋ ዝጽበዮ ውን ብዙሕ'ዩ።

ኣተሓሕዛ ሰለበሪቲ ኢቨንትስ ኣብ ጉዳይ "መዝሙር ሰላም"፡ ቃልሰም ምስ ክልተ መንግስታት ኢዩ። ስለዚ ነዚ ሓሳብ ዝበኞዑ ምሁራት፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ርክባቶም ክሓርዩ ጸኒሖም። ንናይ መዝሙር ሰላም ዝኸውን ፕሮፖዛል ብቋንቋታት ትግርኛ፡ እንግሊዘኛ፡ ዓረብኛ ኣምሓርኛን ክዳሎ'ዩ። እቲ ፕሮፖዛል ናብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ናብ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ውዱብ ሕቡራት ሃገራትን ክለኣኽ'ዩ። እንኮላይ ናብ ኢድ ህግደፍ ዝለኣኸሉ መገዲ ውን ክፍጠር'ዩ።

እዚ ፕሮፖዛል ንምዕዋት ድማ፡ መጀመርያ 15 ኤርትራውያንን 15 ኢትዮጵያውያንን ሙሁራት ተራኺቦም፡ ብዝግባእ ክግምግምዎ ኢዮም። እቲ ፕሮፖዛል ንክልቲኦም መንግስታት ዝብድህን ዘገድድን ኮይኑ ክዳሎ'ዩ። ውዱብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ውዱብ ሕቡራት ሃገራትን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ድማ ብመሰራት እቲ ፕሮፖዛል ኣብ ልዕሊ ክልቲኦም መንግስታት እወንታዊ ተጽዕኖ ክገብሩ ዝደፍእ ኮይኑ ክዳሎ'ዩ። ብሓፈሻኡ እቲ ብ30 ሙሁራት ዝዳሎ ፕሮፖዛል ህዝባዊ ጸዋዒት ንሰላም ሒዙ ክወጽእ'ዩ። ገዜጤኛታት ድማ ብቐጥታ ክስንድዎን ሕቶታቶም ዝምለሰሉ መድረኽን ክኸውን'ዩ።

ከምኡ ድማ ኣብ ካልኣይ ደረጅኡ ኣብ ልዕሊ እቶም ቀዳሞት 30 ሙሁራት፡ ካልኦት 30 ተወሲኾሞም፡ ነቲ ንድፈ ሓሳብ ብሓባር ከህብትምዎ ኢዮም። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ውን ጋዜጤኛታት ብግብሪ ዝስንድዎን ሕቶታቶም ዘቕርብሉን ይኸውን'ዩ። ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ከኣ ክሳብ 800 ሰባት ተሳቲፎም፡ ንመራሕቲ መንግስቲን ፓርትን ዓበይቲ ዓድን ምሁራትን መራሕቲ ሃይማኖትን ኣብ ዝህልውሉ፡ ናይ ጋዜጠኛታትን ህዝብን ሕቶታት ዝምለሰሉን ዝስነደሉን መድረኽ'ዩ ክኸውን። ውጽኢቱ ድማ ንረብሓ ክልቲኡ ህዝቢ ዝውዕል፡ ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ስታራተጂ ብህዝባዊ ማዕበል ናብ ሰላም ዝቕልስን ጉዳይ ዶብ መዕለቢ ዝግበረሉ ኩነት'ዩ ክወልድ።

ኣነ ኣብ ኢንተል ኮንቲነንታል ሓሳብ ናይ ምልውዋጥ መድረኽ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ክሳተፍ ዕድል ረኺበ ኔረ። ፕሮፌሰር መድሃነ ታደሰን ጀነራል ጻድቃንን ዘቕረብዎ ሪኢቶ፡ ምስቶም ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ምስ ኣዳለውቲ መዝሙር ሰላም ምስተራኸቡ፡ ብዙሓት ካብ ሰበስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ ሰበስልጣን ህግደፍ ነበርን ደጋጊሞም ዝህብዎ ሪኢቶ ኔሩ። እቲ ናይ ሓባር ዝገብርዎ ሪኢቶ ክጠቅስ'ሞ፡ ጹሑፈይ ክዛዝም።

ጀነራል ጻድቃን፥- "ንሕና ኣብ ታሪኽና ብዙሕ ጽቡቕ ነገርኳ እንተ ሰራሕና፡ ብዙሕ ሕማቕ ነገር ድማ ኣሎና'ዩ። እዚ ኣልዒልኩሞ ዘለኹም ሕቶ ሰላም ብናይ ገዛእ ርእስኹም መስርሕ ከተዐውትዎ ስርሑ። ናህና ተሳታፍነት ኣብዚ ጉዳይ፡ "ናይ ወያነ'ዩ" ወይ (ሰበስልጣን ህግደፍ ነበር ዝበልዎ ውን "ናይ ሻዕብያ'ዩ") ዝብል ስእሊ ክፈጥር'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ ስራሕኩም ዕንቅፋት ክፈጥር'ዩ። ኣብዚ ስራሕ ናተይ (ናትና) ተሳታፍነት ክህሉ የብሉን። " ዝብል'ዩ ኔሩ።

ሰለብሪቲ ኢቨንትስ ንፕሮፌሰር መድሃነ ታደስ "እቲ ፕሮፖዛል ኣዳልወልና" ኢሎሞ ኔሮም። ፕሮፌሰር መድሃነ ድማ፡ "ፕሮፖዛል መዝሙር ሰላም ንበይነይ ክሰርሖ ኣይመርጽንየ። ኣብ ሰላም ክልቴና ህዝብታት ተረባሕቲ ኢና። እቲ ዝዳሎ ፕሮፖዛል ድማ ብካብ ክልቴና ህዝብታት ክኸውን ኣለዎ። ሰለዚ ኤርትራውያን ኣሕዋተይ ምስ መጹኒ ምስኦም ኮይነ ኢየ ዝሰርሖ" ኢሉ። መሳርሕቲ ዝኾንዎ ኤርትራውያን ሙሁራት ድማ ረኺቡ ኣሎ። እቲ ስራሕ ድማ ተጀሚሩ ኣሎ። መዝሙር ሰላም ንኢትዮ-ኤርትራ ብዓወት ክወጽእ ዘሎኒ ተስፋ ልዑል'ዩ!! ኣብ መወዳእታ ሲቪክ ማሕበር ኮይኑ ክቕጽል እና ተመነኹ፡ ኣብ ኢንተል ኮንቲነንታል ካብ ዝተወስደ ስእሊ እንሆ

**ጸጋይ ኣስመሮም**